

ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ መንዮም?
(ቀዳማይ ንመወዳእታን) ጉጅለ ደቀባት 05.05.2004

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ንሕና መርበብ ሓበሬታ ደቀባት፡ ናይ ቀደም ተቓለስቲ ኣቦታት እናዘራረብና፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ እቲ ዝሓለፈ ኤርትራዊ ኒሕን ሓቦን ንኽምህሩናን፡ ታሪኽ ኣቦታትናን ጀግንነት ብሓጎታትናን ከም ንፈልጥ፡ ዛንታ ቀዳሞት ጀጋኑ ወለድና ከም ዝሕብሩና ንምግባር፡ ቃል ኣቲና ኔርና። ጸላእትና ንዓና ጥራሕ ዘይኮነ ንዓድና፡ ንባህልና፡ ንሕግታት እንዳባታትና፡ ንጅግንነት ኣቦታትና፡ ንኣከፋፍላ ኣውራጃታትና፡ ስልቲ እናቐረቡ ብንቕሓታዊ ሰበብ ኣመኽንዮም፡ ንምድምሳስን ንምልዋጥን ይቃለሱ ኣለዉ። ንሕና ከኣ ታሪኽናን መንነትናን ባህልናን ስርዓትናን ከይጠፍኡ፡ ንድሕነትና ክንረባረብ ኢና። እምበኣርከስ ሓደ ካብቶም ኣብ ሃገርና፡ ጌና ዘይተጻሕፈን ዘይተነግረን ሕሉፍ ኤርትራዊ ፍቕርን ጽንኩር ቃልስን፡ ንምሉእ ዕድሚኦም ኣሕሊፎም፡ ብሰንኪ ፍቕሪ ዓዶምን ወገኖምን ሂወቶም ዝኸፈሉ፡ ኣቦ ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ እዮም። ናይ ዶር. ኣባ ኣጎስቲኖ ሞያን ቃልስን ሃገራዊ ፍቕርን፡ ጽሒፍካን ተንቲንካን ዝውዳእ ኣይኮነን። ካብ ማይ ባሕሪ ብማንካ ግን፡ ብዓቕምና ገለ ንእሽቶ ከነዘንቱ ክንፍትን ኢና።

ንኤርትራ ዝወለደ ዘይወለደ፡ ዝፈለሰ፡ ዓለም ዝመነነ፡ ቀሺ፡ ሽኽ፡ ኣስላማይ፡ ክስታናይ፡ ኵሉ እዩ ሰሪሑላን ደኺሙላን፡ ተቓሊሱላን ተሰዊኡላን። ፍረ ናይቲ ኵሉ ቃልስን መስዋእትን፡ እዚ ሎሚ ወሪዱዋ ዘሎ መሪር ጭቆናን ህልቀትን ክኸውን ግን፡ እንቋዕ እቶም ቀዳሞት ጀጋኑ ደቃ ተመሊሶም ዝርእዩዎን ዝሰምዑዎን ኣይኮኑ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ምስ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ፡ ኣብ ዝገበርናዮ ቃለ መጠይቕ፡ ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ ሓደ ካብቶም መግዛእትን ጭቆናን ሃገርና ንኽከላኸሉ፡ ቃልሲ ዝጀመሩን፡ ምእንቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝተቓለሱ፡ ዝርሃጹ፡ ዝጸዓሩ፡ ዝተኣስሩ፡ ዝተገርፉ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ በቲ መውቃዕቲ ምኽንያት ብዝወረዶም ሕማም፡ ኣብ ዓዲ ጣልያን እናተሓከሙ ከም ዝተሰውኡ፡ ትሓቢሩ ኔሩ። ብሓጺሩ ናይ ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ታሪኽን ቃልስን፡ ክሕብሩና ብዝገበርናሎም ወኸሳ መሰረት፡ ኣቶ ሃብተማርያም ክገልጹልና ከለዉ፡ ንብዓት ስዒሩዎም ሕንቕንቕ እናበሉ ነበረ።

ንሶም ይብሉ፡ "ኵሉ ንሃገሩ ይፈቱ እዩሞ፡ ከም ኣባ ኣጎስቲኖ ጌሩ ንሃገሩን ንወገኑን ንምድሓን ዝተቓለሰን፡ ፍቕሪ ዓዱን ወገኑን ዘጥቅዖ ግን የልቦን": ብማለት ይምስክሩ። ኣባ ኣጎስቲኖ ዓዶም ሔቦ ጽንዓ ደግለ ኣከለጉዛይ ኰይኑ፡

ናይ ማሕበር ካቡቺኒ ካህን እዮም ኔሮም። እቲ መብዛሕትኡ ሂወቶም ከኣ፣ ብዘይካቲ ሃዋርያዊ ናይ ሃይማኖት ስርሖም፣ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ኣሕሊፉዎ። ንሶም በቲ ዝነበሮም ኣፍልጦን ናይ ስራሕ ሓላፍነትን፣ ንሰውራ ኤርትራ ብዘይ ዕረፍቲ፣ ብመድሃኒት ኮነ ብገንዘብ ብሕክምና፣ ተጋደልቲ ኮነ ብኻልእ ምስጢራዊ ስርሓት፣ ንቓልሲ ሃገርና ዝሓብሓቡን፣ ንሓድነት ህዝብና ዝተቓለሱን፣ መንፈሳውን ስጋውን ኣቦ ከኣ ነበሩ።

ኣባ ኣጎስቲኖ፣ ንሂወቶም ምእንቲ ህዝቦም ንምሃባ፣ በቒቖማ ኣይፈልጡን። ምስቲ ኩሉ ናይ ነፈርትን፣ ናይ ካልእ ጸጥታዊ ኩነታትን፣ ከይተሰከፉ ብመኪንኦም ንሜዳ ኤርትራ እናተመላለሱ፣ ብዙሕ ጊዜ ምስ ተጋደልቲ ደቆም ተራኺቦምን ተመያይጦምን ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዘድሊ ምኽርን ምትብባዕን ለበዋታትን ዘቕርቡ ዝነበሩ፣ ወላዲ እውን እዮም። ገለ ካብኡ እውን፣ ኣነ ዝተሓወስኩዎ፣ እቲ ብ1974 ኣብ ጀንገሬን ዝተባህለ ቦታ መጺኦም፣ ሕሩይን ዓብደልቃድር ሮሞዳንን ካልኦትን ዝርከቡዎም፣ ምስ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት፣ ብዛዕባ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ናይ ምባል ዘካየዱዎ፣ ሰፊሕ ዘተን ምይይጥን ነበረ።

"ካብቲ ዝገርመንን ንምሉእ ሂወተይ ዘይርስዓንን"፣ "ኣብርሃም ተወልደ ኣብቲ ጉባኤ ኣዶብሓ ድሕሪ ምክፋሉ፣ ካብ ባርካ ንኸበሳ ክመጽእ ከሎ፣ ኣብ ከባቢ ሎጎ ጭዋ፣ ኣብ ባምብቆ ምስ በጽሔ፣ ሓሚሙ ተወጺዑ፣ ምኽኣል ስኢኑ ወደቐ። ቀልጢፎም ከኣ ኩነታቱ ብዝኣምኖ ቤተሰብ ዝኾነ ተቓላሳይ ጌሮም፣ ሓበሬታ ንዓይ ነስመራ ኣብጽሑለይ። መልእኽቲ ምስ ተቐበልኩ፣ ኣነ ንበይነይ ክገብሮ ዝኽእል ስለዘይነበረኒ፣ ንዕኦም ሓበርኩዎም። "ኪድ ቀልጥፍ ከይሰጋእካ ኣምጽኣዮ"! ኢሎምኒ፣ ናይ መንግስቱ ባይሩ መኪና ወሲደ፣ ካልኣይ ርእሱ ምስ ብረቱን ዕ ጥቁን ናብኦም ኣምጺኤ፣ ኣብ ገጀረት ንዕኦም ኣረኪበዮም፣ ዝኣምኑዎም ሓካይም ጸዊዖም፣ ብምስጢር ሓቢኦም ብምሕካም ከኣ፣ ድሕሪ ገለ መዓልትታት ብፍጹም ድሒኑን ሓውዩን፣ ንቦታኡ ኣፋኒናዮ" ይብሉ ኣቶ ሃብተማርያም።

ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ፣ እቲ ንወዲ ሰብ ክወሃብ ዝኽእል ህያባት፣ ኩሉ ብሙሉኡ ኔሩዎም። ሕያውነት፣ ስብእነት፣ ልግሲ፣ ጥበብ፣ ፍልጠት ኩሉ ከኣ ምስኦም ነበረ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሰብዓታት ተፈናጭሉ፣ "ዓማን ምዳዳን" ዝብል ናይ ጽልኢ ኣስማት ተጠሚቑ፣ ጀብሃን ህዝባዊ ሓይልታትን ኣብ ኩናት ሓድሕድ፣ ኣብ ዝኣተዉሉ ጊዜ ከኣ፣ ካብቶም ከይደቀሱን ከየዕረፉን፣ ንዕርቅን ንሰላምን ዝቃለሱ ዝነበሩ ደቂ ሃገር፣ ኣባ ኣጎስቲኖ ሓደ ነበሩ።

ይቐጽል

## መደምደምታ.....

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና ብዛዕባ ናይቶም ሕያዋይ ኣቦን ተቓላሳይን ዝነበሩ ኣባ ኣጎስቲኖ መንነት ብሕጽር ዝበለ ሓቢርና ኔርና። ኤርትራ ሃገርና ከም ብዓል ኣባ ኣጎስቲኖ ዝኣመሰሉ ጀጋኑን ሓለይቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ኣጥፊኣ ኣብዞም ሎሚ ብዘይካ ገንዘብን ስልጣንን ካልእ ሓሳብን ሰብኣዊ ሕልናን ዝጠፍኦም ናይ ስጋ ኮነ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ምስ ወደቐት እያ ኣብዚ ኩሉ ሽግርን መከራን ትርከብ ዘላ።

ኣብ ዝኾነት ቻኹን ሃገር፥ ህዝቢ በደልን ግፍዕን ክወርዶ ከሎ፥ እቶም ኣብ መጀመርያ ተሰሪዖም ንሂወቶም ከይፈርሑ ንመሰል ህዝብን ንፍትሕን ክዛረቡን ክሰብኩን ክሕለቑን፥  ምእንቲ ሓቂ ቅድሚ ህዝቢ ክስውኡን ዝግብኦም መራሕቲ ሃይማኖት ክኾኑ ኢኻ ትጽበ። ብኣንጻሩ ግን ናይ ሎሚ መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ ክትርእዮም ከሎኻ ኣስላሞም ኮነ ክስታኖም፥ ኣይኮነንዶ ምእንቲ ፍትሒ ክሰብኩን ምእንቲ ህዝቢ ክሕለቑን፥ እኳ ድኣ ደገፍቲ ጭቆናን ኣመስገንቲ ሽፋቱን ኮይኖም ኣብ ዕለታዊ ጠቕሚ ትዓሲቦም ኣብ ህዝባዊ ጭፍጨፋ ክትሓባበሩን ዓይኖም ክዕምቱን ንጭቆናን ንግፍዕን ንስርቅን ክባርኹ ከለዉ ርኢኻ ከኣ ንብዓል ኣባ ኣጎስቲኖ ዘኪርካ፥ ሓዘንካን ብኽያትካን ዝትዓጻጸፈ ይኸውን።

ኣባ ኣጎስቲኖ ኣብቲ ንሶም ዝሰረቱዎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግርጭት ተፈጢሩ ውግእ ሓድሕድ ምስ ተጀመረ ነቲ ናይ ኣሕዋት ደም ምፍሳስ ጠጠው ንኸብሉ ደኺመ ከይበሉ ዘይገበሩዎ ፈተነን ዘይምሃዙዎ ብልሓትን ኣይነበረን። ካብቲ ዝፈልጡዎ ክሕብሩ ከለዉ ኣቶ <u>ሃብተማርያም ኣብርሃ</u> ከምዚ ይብሉ። ብወገን እሰያስ ብዙሕ ጊዜ ፈቲኖም ምስ ቀበጹ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምርካብ ንኤውሮጳ ገሹ። ኣብ ኤውሮጳ ንብዙሕ ጊዜ ፈቲኖም ንምርካቡ ምስ ትሓለሉ ከኣ ኣብ መወዳእታ ካብቲ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝርከብ ዝነበረ ቤት ጽሕፈቱ ንማእከላይ ምብራቕ ደዊሎም ብስልኪ ረኺቡዎን ኣዘራረቡዎን ለመኑዎን።

በወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝተዋህቦም መልሲ ግን ኣሉታዊ ነበረ። ኣባ ኣጎስቲኖ ግን ተስፋ ዝቑርጹን ብዝጋጠሞም ዕንቅፋት ዝድሃሉን ሰብኣይ ኣይነበሩን። ካብ ኤውሮጳ ተስፋ ስኢኖም ምስ ተመልሱ እንደገና ጕዕዝኦም ንሜዳ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ገበሩ። ኣብዚ ከኣ ምስ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ተራኺቦም ነቲ ናይ መንእሰያት ኤርትራ ህልቀት መዕለቢ ክግበረሉ ሓሳባትን ልማኖን ኣቕረቡ። ንሱ ከኣ ነቲ ዝግበር ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ህዝቢ ኣብ መንጎ ኣትዩ ክምርምሮን ንበደለኛ ወጊዙ ጠጠው ከብሎን ዝብል ሓሳብ ነበረ። ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ከኣ ነቲ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባል ኣብ ዝገብሩዎ ጻዕሪ ዘድሊ ምትሕባባር ከም ዝግበረሎም መረጋገጺ ረኸቡ። ካብቶም ነቲ ጕዳይ ንኽደፍኡሉ ዝተባብዑዎምን ዝሓገዙዎምን መራሕቲ ጀብሃ ከኣ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ዓ ብደልቃድር ሮሞዳንን ከም ዝነበሩ ምስክር ኢና።

ብሸምዚ ከኣ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኤርትራውያን ሰበስልጣን ዝተላእከ ምስጢራዊ ደብዳቤታት ተዋህቦም። ንሱ ከኣ ንኣቶ ኣማኒኤል ዓንደሚካኤል ናይ ኤርትራ ኣመሓዳርን ንጀነራል ጐይትኦም ገብረዝጊ ናይ ፖሊስ ኣዛዝን ዝተላእከ ደብዳቤታት ነበረ። እቲ ደብዳቤታት ክልቲኦም ሰበስልጣን ነቲ ኣባ ኣጎስቲኖ ዝጽዕሩሉን ዝደኽሙሉን ዝነበሩ ናይ ውግእ ሓድሕድ ጕዳይ ጠጠው ንምባል ብወገን ህዝቢ ኢድ ንኽኣትዎ ዘድሊ ምትሕብባሮምን ሓገዞምን ንኸወፍዩ እንተኽኢሎም ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጸገም ከም ዘይከውን ዝሕብርን ዝተተባብዕን ነበረ።

እዞም ክልቲኦም ሰበስልጣን እዚኦም ነቲ ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባል ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጦ ዓቢ ኣስተዋጽኦን ሓገዝን ዘበርከቱ ምኧኖም ሎሚ ንሶም ኮነ ንሕና ከይሞትና ከሎና ክምስክሮ እግደድ ክብሉ ኣቶ ሃብተማርያም፥ ነቲ  <u>ኣቶ ኣማኒኤል ዓንደሚካኤል</u> ኮነ ጀነራል <u>ጐይትኦም ገብረዝጊ</u> ኣብቲ ሽዑ

እዋን ንህዝቢ ኤርትራ ዘበርከትዎ ተወፋይነትን ሓገዝን ይምስክሩ። ንሶም ይብሉ ኣቶ ኣማኒኤል ነቲ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ዝተላእከሎም መልእኽቲ ምስ ተቐበሉ ብቐጥታ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ሓቲቶም ነቶም ኣብ በረኻ ሰፊሮም ዘለዉ ወምበዴታት ህዝቢ ክረኽቦምን ለሚኑ ምስታ ንሃይለስላሰ ኣውሪዳ ሃገር ብማዕ ርነትን ብፍትሕን ንምትካል ትልወጥ ዝነበረት መንግስቲ ክዓርቆምን ብዝብል ምኽንያት ህዝቢ ምስ ተጋደልቲ ደቆም ንኽራኽቡ ብዕሊ ኣፍቀዱ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣብ ማዘጋጃ ቤት ኣስመራ ትኣኪቡ ምስ ተጋደልቲ ደቁ ዝራኸቡ ወከልቱ መረጸ። ሓደ ካብኦም እውን ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ ነበሩ።

ወከልቲ ህዝቢ ናይ መንግስቲ ፍቓድን ሓገዝን ረኺቦም ከኣ ብዕሊ ምስ ክልቲኤን ውድባት እናተራኸቡ ነቲ ዕርቂ ኣብ ክንዲ ምስ ኢትዮጵያ ኣቐዲሞም ንኽልቲኤን ውድባት ንምዕራቕን ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባልን እዚ ዘይብሃል ጻዕርን ድኻምን ኣካየዱ። እቲ ኵሉ ተበግሶን ድኻምን ከኣ ቀንዲ ምሃዚኡን ኣዓዋቲኡን ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ ነበሩ። ብዙሓት ዝወዓሉዎን ዝፈጸሙዎን ምስጢር ውዒሉ ሓዲሩ ምግላጽ ስለዘይተርፍ ግን ሳራ መኰንን ዝተባህለት ከዳዕ ተጋዳሊት ንኢትዮጵያ ኢዳ ምስ ሃበት ነቲ ኣባ ኣጎስቲኖ ንኽልቲኤን ውድባት ንምዕራቕ ዘካየዱዎን ዝተዓወቱሉን ጻዕሪ ንመንግስቲ ደርጊ ብምንጋር ኣእሰረቶም።

ኣባ ኣጎስቲኖ ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ተወሲዶም ዳርጋ ንሸውዓተ ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓለም በቃኝ ተቐጥቂጦም ኣይ ምዉት ኣይጥዑይ ኰይኖም ተፈትሑ። ድሕሪ ምፍትሖም ኣብ ዓዲ ጣልያን እንዳትሓከሙ ከኣ እታ ክብርቲ ሂወቶም ንሃገሮምን ንህዝቦምን ዘይርሳዕ ፍቕርን ታሪኽን ገዲፉ ሓለፈት። ኣብዚ ንእግሪ መንገድና ክንገልጾ ንደሊ ሓቅታት ኣሎ። ንሱ ከኣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ህዝባዊ ቃልሲ ገለ ሰባት ብናይ ኣውራጃ ደረጃ ዝርእዩዎን ዝፈርዱዎን ንሰምዕ ኢና። ንኣብነት ገሊኦም ሓማሴንን ኣከለጉዛይን ብዙሕ ዝተቓለሱን ዝጸዓሩን እዮም። ሰራየ ግን ቀደም ኮነ ሎሚ ኣብ ቃልሲ የለዉን ኢሎም ከይሓፈሩ ነቶም ናይ ቀደም ደቂ ሰራየ ከም ብዓል ተድላ ዑቕቢት ኮነ ቀሺ ድሜጥሮስ፡ ከምኡውን ነዞም ናይ ሎሚ ንረብሓ እሰያስ ብግልጺ ኮነ ብተዘዋዋሪ ዝሰርሑ ዘለዉ ከም ብዓል ናይዝጊ ክፍሉን ስዩም ዑቕባንኪኤልን ካልኦትን ክጠቕሱ ንሰምዕ ኢና።

ስለዚ ከኣ ኢና ነዞም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ዝተጠቕሰ ደቂ ኣውራጃ ሰራየ ዝኾኑ ሰበስልጣን ዝነበሩ ኣቶ ኣማኒኤል ዓንደሚካኤልን ጀነራል ጐይትኦምን ሞያኦምን ንህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሙዎ ጽቡቕ ታሪኽን ከነዘንቱ ዝተገደድና።
ኣብዚ ናይ ሎሚ እውን እንተኾነ ገንዘብን ጽቡቕ ናብራን ኣዓሽዩዎም ንህዝቦም ዘይጠለሙን ካብ ቃልሶም ዘየላገሱን ከም ብዓል ዶክቶር ሃብተ ዝኣመሰሉ ተወላዶ ኣውራጃ ሰራየ ዝኾኑ ተቓለስቲ ከም ዘለዉ ንፈልጥ ኢና። ኣውራጃ ማለት ከኣ ንምምሕዳር ንኽጥዕም ኢልካ ዝተገብረ ናይ ቦታ ክልል እምበር ዓ ሌት ሰብን መንፍዓቶምን ሕመቕምን ዝፈላልን ዘመልክትን ስም ኣይኰነን። ስለዚ ከኣ ኣብ ዝኾነ ኣውራጃ ጀጋኑ ኔሮም ከድዓት ከኣ ኔሮም። ቀደም ኮነ ሎሚ ኣብ ኣከለጉዛይ ኮነ ሓማሴን ከድዓትን ጠለምትን ኣይነበሩን ኢልካ ምክታዕ ከኣ ካብ ሓላፍነትን ካብ ምስትውዓልን ዝርሓቐ ኣዛራርባ እዩ።

ብወገን ኣከለጉዛይ ንህዝቦም ዝጠለሙ ከም ብዓል ተስፋንኪኤል ጆርጆ፡ ዓሊ
ሒጎ፡  ተስፋየውሃንስ በርሄን፡ ካልኦትን ቀደም ኔሮም ሎሚ እውን እቶም ቀንዲ
መሳርሒ ስርዓት ኣቶ እሰያስ ኰይኖም ህዝቢ ዘጋግዩን ዘእምኑን ዘለዉ ከም ብዓ
ል ኣብርሃለይ ክፍለ ዘምህረትን ካልኦትን ደቂ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ እዮም።
ብወገን ሓማሴን እውን ቀደም ከም ብዓል ጊለ ዝኣመሰሉ ንህዝቦም ስሚ
ዝንስንሱ ሰባት ኔሮም እዮም። ሎሚ እውን ከም ብዓል ዶር. በረኸት መስፍን
ሓጎስ  ዝኣመሰሉ ንስርዓት እሰያስ ክጸንሕን ህዝቢ ከጥፍእን ብተዘዋዋሪ ዝቃለሱ
ሰባት ኣለዉ፡ ኢሎም ዝዛረቡን ዝኣምኑን ሰባት ብዙሓት እዮም። እሞ እዚኣቶም
እውን ደቂ ሓማሴን ኣይኰኑን ክንብሎም ኣይኽእልን።

ሎሚ ሃገር ትጠፍእ፡ መንእሰያት ኣብ በረኻታት ይሃልቁ፡ ዘርእና፡ ባህልና፡
ታሪኽና፡ ሓይልና፡ ቍጠባና፡ ኮነ ኢልካ ይስረቖን ይድምሰስን ኣሎ። ንሕና ከኣ
ገለ ዕሱባት እሰያስ ብዘበግሱዎን ዘሳውሩዎን ዘለዉ ሓማሴን ከምዚ ኢና
ኣከለጉዛይ ከምቲ ኢና፡ ሰራየ ከምዚ እዮም መታሕት ከምቲ እዮም ብማለት
ከይንቀራረብን ከይንመያየጥን እሞ ከምቲ ቀዳሞት ኣብሓጎታትና ናይ ሓባር
ጸላኢ ክመጽም ከሎ ብሓባር ዝገጥሙዎን ዝከላኸሉዎን ዝነበሩ ሎሚ እውን
ብመጀመርያ ኘኹሉ ገዲፍና ሃገርና ካብ ሽፋቱን ሰረቕትን ቀንጸልትን ደምሰስትን
ነድሕና። ሃገር ኣድሒንካ ናይ ኣሕዋት ናተይ ናትካ እውን
እንተርኪብናሉ ከኣ ቀደም እውን ዝጸንሔ እዩ።

ካልኦት ሃገርና ንምጥፋእን ህዝባ ንምጽናትን ተላኢኾም ብመደብ ኰነ ኢሎም
እናጥፍኡዋ  ከለዉ ገለኻ ናቶም ኣገልገልቲ፡ ገለኻ ከኣ ናቶም ተኸላኸልቲ ኰንካ
ሃገርካን ህዝብኻን ምጥላም ግን ኣብሓጎታትና ዘየጽንሑዎ ጥልመትን ጽዩቕ
ባህልን እዩ። ዝኾነ ኰይኑ  ውዒሉ ሓዲሩ ክወግሕዩ። ኵላትና ሃገርና ነድሕነሉ
መንገዲ ጥራሕ እንተኘኽተል ከኣ ሽግር ሃገርናን ህዝብናን ምተወድኤ ወይ ከኣ
ኣዝዩ ምሓጸረ። እቶም ህዝቢ ክመርሑን ክጥርንፉን ዝግብኦም ብዕድመ ደኹን
ብትምህርቲ፡ መራሕትናን ዓበይትናን ዝበሃሉ ብዓል ፕሮፌሰር ብዓል ዶክቶር ኣብ
ክንዲ ናይ ሓባር ዓወት ከምጽእ ዝኽእል መንገዲ ዝመርሑ ሎሚ ኣብዚ እዋን
እዚ ፓርቲ መስሪቶም ክዓብዩን ኣብ ስልጣን ክድይቡን ዝሓስቡን ዝቃለሱን ካብ
ኮኑ ግን ናይ ሃገርና ሕማቕ ዕድል ኣዝዩ  ዘሕዝን እዩ። ሕዝቢ ኤርትራ ግን
ንጸላእቱ ተቓሊሱ ካብ ምስጓጉን ስልጣኑ ኣብ ኢዱ ምእታውን ሓሊፉ ካልእ
ምርጫ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።

Copyright © 2000-2004 Dekebat-eritra.com